Mr. Diijon DaCosta, Sr.፡ *ኣቦ-መንበር ቦርድ*
Mrs. Deirdre P. Pierce, *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Mrs. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሕዳሪት*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

24 ሓምለ 2024

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# DCSD፡ ንትምህርቲ ኣፍሪቃውያን ኣሜሪካውያን ዚምልከት ዝለዓለ ምደባ ኣብተን ዘለዋኦ ኣብያተ-ትምህርቲ ብቐጻሊ ንኺግበር ይጽዕር፣ ዋና-ኣማሓዳሪት፡ ንዝተፈላለየ ታሪኽን ባህልን ኮም ዜንጸባርቕ ምኳኑ ትዛረብ

(STONE MOUNTAIN, GA)— ኣውራጃ፡ ኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ትምህርቲ ንተማሃሮ ንኽትህብ፣ ንትምህርቲ ኣፍሪቃውያን ኣሜሪካውያን ዚምልከት ዝለዓለ ምደባ (Advanced Placement (*AP*)) መታን ኪግበር ደገፍ ንኽትህብ ጻዕርታት ከምእተካይድ፡ ዋና-ኣማሓዳሪት Dr. Devon Q. Horton ናይ DeKalb County School District (*DCSD*) ሎሚ መዓልቲ ኣረጋጊጻ።

“ተማሃሮና፡ ንትምህርቲ ኣፍሪቃውያን ኣማሪካውያን ኣመልኪቱ ካብ ዚግበር ዚለዓለ ምደባ ኪርብሑ መታን ኪኽእሉ፡ እቲ ኣገዳሲ ገንዘባዊ ምወላታት ብውሽጢ ንኺእከብ ጻዕርታት ነካይድ። እዚ ድማ ግቡእ ስልጠና ብምሃብ፣ ኣብ ትምህርታዊ ማተርያላታት ወፍሪ ብምክያድን ኣብ ክፍሊታት ፈተና AP ድማ ደገፍ ብምሃብን ንመምሃራንና ምድላው ዜጠቓልል እዩ” ብምባል Dr. Horton ተዛሪባ።

“እቶም ዝተርፉ ተማሃሮ ዘይኮኑስ፡ ንተማሃሮና ከምዝተርፉ ዚገብሮም እቲ ዘሎና ስርዓት-ትምህርቲ ምኳኑ፡ ኣብ ምሉእ ናይ ሞያዊ ኣገልግሎተይ ገሊጸ እየ። እቲ ሽቶናን ሓላፍነትናን፥ ንዝተፈላለየ ታሪኽን ባህልን ኮምና ዜንጸባርቕ ኣጠቓላልን ኣካታትን ትምህርቲ ንተማሃሮ ምሃብ ኪኸውን ኣለዎ።”

DCSD፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-25 ኣብ ኣርባዕተ ካብተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝለዓለ ምደባ ትምህርቲ ኣፍሪቃውያን ኣሜሪካውያን ኪህብ እዩ። ሓደ ሚእትን ሓምሳን ሓደን ተማሃሮ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ተመዝጊቦም ኣለዉ።

| DCSD High School | ብዝሒ ተማሃሮ |
|---|---|
| Arabia Mountain HS | 82 |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Dunwoody | 26 |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Lakeside | 43 |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Towers | ሓድሽ ምዝገባ ተወንዚፉ ኣሎ |
| **ህሉው ጠቕላላ ብዝሒ** | **151** |

DCSD፡ ንታሪኽን ኣበርክቶታትን ኣፍሪቃውያን ኣሜሪካውያን ክብሪ ዚህብ ዝተፈላለየን ኣካታትን ካሪክሉም ንኼዳሉ ቀጻሊ ይጽዕር እዩ።

XXX